በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

**ኤርትራ ኦ. ተ. ቤተ ክርስትያን፡ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡**
**ክ/ትምህርትን ስብከትን፡**
**(WWW.TEWAHDO.COM)**

# ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ (ምሳሌ 3፥1-7)

እግዚኣብሔር ረዲኡና፡ ዓመታዊ መንፈሳዊ ጉባኤና ኣብ ትሕቲ "ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ" ዝብል መሪሕ ጥቅሲ፡ ንሻብዓይ ግዜ ነካይድ ኣሎና። ቀዳማይ ጉባኤ ብግንቦት 1999 ኣብ መድኃኔ ዓለም ቤ/ክ ሎስ ኣንጀሎስ፡ ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻድሻይ ጉባኤታት ኣብ ደብረ ግእዛን መድኃኔ ዓለም ቤ/ክ ኣትላንታ፡ ንሎሚ ድማ ኣብ ደብረ ሰላም፡ መድኃኔ ዓለም ዋሽንግቶን ዲሲ (ሓምለ 28-31, 2005 ይካየድ ኣሎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመታዊ ጉባኤና ብናይ ኣቦታት ቤተክርስትያን፡ እቡነ ፍሊጶስ (ቀዳማዊ ፓትርያርክ)፡ ኣቡነ ያዕቆብ (ካልኣይ ፓትርያርክ)፡ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ሣልሳይ ፓትያርክ ኦ. ተ. ቤ/ክ ኤርትራ መምርሕን ምኽርን እዩ ተማእኪሉ ኪካየድ ጸኒሑ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ጉባኤና ድማ፡ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ሣልሳይ ፓትርያርክ፡ ብኣካል ተሳቲፎም ከምወትሩ ምኽርን መምርሕን ብረኽቶምን ኪህቡና ኩላትና ብሃንቀውታ ንጽበዮ ዘሎና እዩ።

ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዝርከብ ኣርእስቲ ኣብ ሓሙሽተ ክፍልታት ተመቓቒሉ ኪመሓላለፍ እዩ። መሠረታዊ እምነት ቤተክርስትያንና፡ ሓሙሽተ ኣዕማደ ምስጢራት፡ ሥርዓተ-መዝሙር ናይ ቤተክርስትያንናን ዘፍልጠና ትምህርቲ፡ ከምኡውን ትምህርቲ ቃል ኪዳን፡ ብመማህራን ተዳልዩልና ኣሎ። ንተሳተፍቲ ንምክትታሉን ምእንቲ ክጥዕም በቲ፡ ከምኡውን ነቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ዘይተሳተፉ ብመገዲዚ ጽሑፍ ምእንቲ ኪከታተልዎ እሞ ንዝመጽእ ዓመት መደብ ኪገብሩ ብዝብል ሕልና ድማ እንሆ ነናይ መዓልቱ ተዳልዩ ይቐርብ ኣሎ።

## 1. ንሕገይ ኣይትረስዓዮ፡ ልብኻውን ንትእዛዛተይ ይሓልዎ፡ ህይወትን ሰላምን ድማ ክውስኸልካ እዩ (3፥1-2)

ሰብ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ምሉእ ኮይኑ ክነብር ካብ ዘድልዮ ክልተ ዓበይቲ ነገራት ህይወትን ሰላምን እየን። ብህይወት ምንባር ብሰላም እንተዘይተሰንዩ ዳርጋ ዘይምንባር እዩ ኪብሃል ይክኣል። ከምቲ ብስነ-ፍልጠት (ሳይንስ) እንመሃሮ ሰብ ኣብዚ ምድሪዚ ክነብር ኣርባዕተ መሠረታውያን ነገራት የድልዮ፡ እንጀራ፡ ማይ ክዳንን መጽለልን። እቲ ካልእ ኩሉ ብድሕሪኡ ዝስራዕ እዩ። ህይወት ግና ኣብዚ ምድሪዚ ጥራሕ ኣይኮነን፡ ኣብ ሰማይውን ህይወት ኣሎ። ኣብ ሰማይውን ምንባር ኣሎ። ናብራ ናይ ሰማይ ልክዕ ከምዚ ናይ ምድሪ ኣይኮነን፡ ነገር ግን ንኽሊቴኦም ሓደ ዝተኣሳሰሮም ነገር ኣሎ። ናይ ምድሪ ናብራ ድኣ እዩ ናብ ሰማይ ዘይሰግር እምበር፡ ናብራ ናይ ሰማይ ኣብ ምድሪ እዩ ዝጅመር። እቲ ቀዳማይ ንውሱን ዓመታት መሰጋገሪ ጥራይ እዩ፡ እቲ ዳሕራይ ግና ንዘልኣለም እዩ። ኣብ ምድሪ ከም ምሉእ ሰብ እንዳነበርካ፡ ናብራ ሰማይ ክትጅምር እምበኣር ምስ ፈጣሪኻ ምትዕራቕ የድልየካ። እቲ ካብ ኣፉ ዝወጽእ ቃል ድማ መንፈሳዊ ምግቢ ኮይኑ ብህይወት ንኽትነብር የኽእለካ። "ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዝወጽእ ኩሉ ቓል እምበር፡ ብንጌራ ጥራይ ኣይነብርን ...እዩ።" (ወ. ማቴ. 4፥4)።

ኣብዛ ጫውጫው ዝበዝሓ ዓለም ሰላም ክትረክብ ኣሸጋሪ እዩ። እንተኾነ ኣብ ውሽጥኻ ሰላም እንተሎካ፡ ነቲ ሰላምካ ዝዝርግ ካብ ደገ ዝመጽእ ማዕበላት ክትጻወሮ ሓይሊ ይህልወካ እዩ። ብውሽጢ ማዕበል ብደገውን ማዕበል እንተኾይኑ ግን ጋዶ እዩ። ውሽጥኻ እንተዘይዓሪፉ፡ ዝተመርጸ ክዳን፡ ዝተመርጸ ምግብን መስተን፡ ዝተመርጸ ገዛን መኪናን... ዕረፍቲ ኪህበካ ኣይክእልን እዩ። እዚ ውሽጣዊ ሰላም እምበኣር ካብ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ ዝርከብ። "ሰላም እሓድገልኩም፡ ሰላመይውን እህበኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ ኣይኮነን። ልብኹም ኣይሽበርን ኣይሰምብድን።" (ወ. ዮሃ. 14፥27)። ስለዚ ድማ እዩ ኣብዚ ምድሪዚ ትርጉም ዘሎዎ ናብራ፡ ኣብ ሰማይ ድማ ዘልኣለማዊ ህይወት ንኽንረክብ ንኣምላኽ ኣብ ግዜ ራህዋ ይኹን መከራ ክንኣምኖን ክንስዕቦን ንትእዛዛቱውን ክንሕልዎ ዘድልየና። "ከምቲ ንሱ ዝሃበና ትእዛዝ ጌርና፡ ብስም ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣምን ንሓድሕድናውን ክንፋቐር፡ ትእዛዙ እዚ እዩ።" 1 ዮሃ. 3፥23። ምስ ኣምላኽ ሰላም እንተሊዩና፡ ምስ ገዛእ ርእስና ይኹን ምስ ሰብ ብሰላም ክንነብር ከቢድ ኣይኮነን።

## 2. ሕያውነትን ሓቅን ካባኻ ኣይፈለያ፡ ሽዑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ሞገስ ክትረክብ ኢኻ (3፡ 3-4)

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝርአናዮ ኣምላኽ ክመርሓካ ልብኻ ምስ ሃብካ፡ በቲ ህይወት ዝህብ ቃሉ ድማ ሰላምን ዕረፍትን ምስረኸብካ፡ ናትካ ኣርኣያን ሞዴልን ጎይታናን ኣምላኽናን ኢየሱሱ ክርስቶስ እዩ ዝኸውን። “ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኩሽ፡ ጸረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም።” (ወ. ማቴ 11፡29-30)። ካብ ክርስቶስ ድማ ካብቲ ዘዕበየካ ባህሪ ፍልይ ዝበለ ባህርያት ትምሃር። ለውሃት፡ ትሕትናን ሓቅን ትምሃር። “እቲ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ክርስቶስ ምስ ሰብ ክነብር ዘይተጸገመ፡ ንዓና ድኹማት ምስቲ ከማና ድኹም ዝኾነ ወዲሰብ ክንነብር ከምይ ኢሉ ኪኸብደና ይኽእል? እቶም ኣብ ዘመን ክርስቶስ ዝነበሩ ሰባት ከምዞም ኣብ ከባቢና ዘሎዉ፡ ከማና፡ እዮም፡ ፍልልይ የብልናን። እቲ ፍልልይ ክርስቶስ ነቶም ኣእሻኽ ዝኾኑ ሰባት ከይተረፈ ብምሕረትን ለውሃትን ይቐርቦም ስለዝነበረ ጥራሕ እዩ። ንሸንከርቱ እንዳተሳቀየ እንከሎ ከይተረፈ “ዝገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ ይቕረ በሎም” በለ። ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ልዕሊ ክርስቶስ ዝተበደለ ሰብ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ሎሚ ቂምን በቐልን ምሊኡ ልብና ብጓሂ እህህ ክንብል እንርከብ ዘሎና፡ ምሕረት ምግባር ካብ ክርስቶስ እንተንምሃር፡ ነብስና ክንደይ ኮን ምጠዓየት። ጎይታናን ኣምላኽናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሞንጎ ምሕረትን ሓቅን ዘሎ ሚዛን ኣየዛብዐን። ሓደ ሓደ እዋን ብጉልባብ ሕያውነት፡ ንሓቂ ንጎስያ፡ ብጉልባብ ሓቂ ድማ ንሕያውነት ነጥፍኣ ኢና። ክርስቶስ ግና ከምኡ ኣይመሃረናን፡ ገጽ ሰባት ብዘይገድስ ከምቲ መጠን እቲ ዘይውዳእ ምሕረቱ፡ ንሓቂ ድማ ክሳዕ ሞት ደው ኢሉላ እዩ። ካብቲ ማእከላይን ቀንድን ትምህርቱ ሓደ “እነ መገድን ሓቅን ህይወትን እየ” (ወ. ዮሃ. 14፡6) ዝብል እዩ። ንሕያውነትን ሓቅን ረዚን ዓስቢ ኣለወን። ንግዜኡ እኳ ብሰባት መከራ እንተጸገበ፡ ናይ ስቃዩ መጨረሻ ግን ዓወት እዩ ነይሩ። እወ ንዓርቢ ስቕለት፡ ሰንበት ትንሣኤ ከምዘልዎ ብግብሪ ምሂሩና እዩ። ምእንቲ ክንስዕቦ ድማ ከምዚ እናበለ ደጊሙ ይላበወና “እቲ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣብኻትትኩምውን ይሃሉኹም። ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ ...ርእሱ ክሳዕ ሞት ኣትሓተ፡ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ ተኣዘዘ። ስለዚ ሽኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኩሉ ብርኪ ብስም ኢየሱስ ምእንቲ ኪምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሔር ኣቦ ኢሉ ኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታ ምኻኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኩሉ ልዕል ዘበሎ፡ ካብ ኩሉ ስም ልዕል ዝበለ ስምውን ዝሃቦ።” (ፊሊጲ 2፡5-11)።

## 3. ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ (3፡5)

እዚኣ ማእከላይ ሓሳብ ናይዚ 7ይ ዓመታዊ ጉባኤና እያ። እቲ ቀንዲ መልእኽታ ድማ ብዛዕባ እምነት እዩ። እምነት ኪብሃል ከሎ ግና ብዛዕባ እምነት ሥላሴ ምህላውን ዘይምህላውን ኣይኮነን። ኣቦታትና ካብቶም ቀዳሞት ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን፡ እምነት ክርስትና ዝተቀበሉ እዮም። እምበኣር ክልተ ዓበይቲ ፈላሊና ክንርእየን ዘሎና ነገራት ኣለዋ። እምነት ካብ ምሉእ ልብን፡ ንልብኻውን (ልቦናኻ) ቅድሚ ኣምላኽ ዘይምስራዕን እየን። እታ ቀዳመይቲ ኣምላኽ ኣብ ልብና ዘሎዎ ቦታ ብቁጽሪ (ሚእታዊ) መልሱ እንተንብሃል ክንደይ ኮን ምበልና? 10 %, 20 % , 50% 60%...ብቕንዕና ነፍስና እንተመርሚርና ኣብ ቅድሚ ሰብ ንምምላስ ከምዘሕፍረና ፍሉጥ እዩ። እግዚኣብሔር ጎደሎ ልቢ ኣይፈቱን እዩ። ኣምሳያ ልብና ካልእ ክንህብ እንተኢልና ድማ ኣይቅበልን እዩ። ስለምንታይ ልቢ? ምኽንያቱ ህይወት ካብ ልቢ እያ ትፍልፍል። (ምሳሌ 4፡23)። ብዙሕ ግዜ ጸሎትና፡ ጾምና፡ ምጽዋትናን ኣገልግሎትናን ኩሉ ካብ ክሳድ ንላዕሊ እምበር ምልኣት ናይ ልቢ ስለዘይህልዎ ኣባና ይኹን ኣብ ከባቢና እቲ ንደልዮ በረኸት፡ ልውጢን መንፈሳዊ ፍረን ኣይንርእን ኢና። ሓደ እዋን እግዚኣብሔር ንነብዩ ሳሙኤል ከምዚ ኢልዎ ነይሩ፡- “እግዚኣብሔርሲ ሰብ ከምዝርእዮ ኣይርእን፡ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዝርኢ፡ እግዚኣብሔር ግና ልቢ እዩ ዝርኢ፡ በሎ።” (1 ሳሙ. 16፡7)። ክርስቶስ ዝምሃረና ቀዳመይቲ ትእዛዝ ከኣ እዚኣ እያ። “ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ። እታ ቀዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ እያ።” ወ. ማር. 12፡28)። ንእምነት እምበኣር ድኽምትን ጎደሎን ዝገብራ፡ ፍርቂ ልብና ምስ ኣምላኽ ፍርቂ ልብና ድማ ምስ ዓለምን ፍትወታን ኪፈራረቕ ከሎ እዩ። ከምኡ እንተኾይኑ ህያው ብግብሪ ፍቕሪ እትሰነ እምነት ኪህልወና ኣይክእልን እዩ። ፍረ ናይ ምእማንና ድማ ብጭቡጥ እይንርእዮን። “ክልተ ዝልቡ ሰብኣይ ብኹሉ መገዱ ጽኑዕ ኣይኮነን እሞ፡ እቲ ኸምዚ ዝመሰለ ሰብ ካብ ጎይታ ገለ ዚቕበል ኣይምሰሎ።” (ያእ. 1፡7-8)። እምበኣር መጀመርያ ብልባዊ ውሳኔ ንኣምላኽ ኣቦታትና ክንስዕቦ ፍቃደኛታት እንተኼንና፡ ንእምነትና ዘዐቢ ቃል እግዚኣብሔር፡ ጸሎትን ጾምን ዓጢቕና፡ ካብቶም

ንእምላኽ ዘስምሩ ሰባት ኪንከውን ይግባኣና። ምኽንያቱ ቃሉ ይብል ኢዩ “እምበኣር እምነት ካብ ምስማዕ እያ፡ ምስማዕውን ብቃል ክርስቶስ እዩ።” ሮሜ 10፡17

እቲ ኻልኣይ መልእኽቲ ኣብ ልቦናኻ ዘይምውካል እዩ። ምኽንያቱ ልቢ ሰብ ብተፈጥርኡ ጎራሕን ሕሱምን እዩ። “እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ሰብ ዚውከል ቅልጽሙ ኸኣ ኣብ ስጋ ዚገብር፡ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሔር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። ንሱ ኸም ንቑጽ ቆጥቋጥ ኣብ በረኻ እዩ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ፡ ኣብ ምድረ በዳ፡ ኣብቲ ሓደ እኳ ዘይነብሮ ምድሪ ጨው ይነብር እምበር፡ ጥዑም ምስ መጸ እይርእዮን። ኣብ እግዚኣብሔር ዚውከል ሰብ፡ ትጽቢቱ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሔር ዚገብር ሰብ ብሩኽ እዩ። ንሱ ኸምታ ኣብ ጥቓ ማይ እተተኽለት፡ ሱራ ኣብ ርባ ኣቢሉ ዜሳፍሕ ኦም እዩ፡ ዋዒ እንተ መጸ ኣይትፈርህን፡ ቆጽላ ኸኣ ለሚዑ ይነብር፡ ብዓመተ ደርቂ ኣይተንክርን፡ ካብ ምፍራይውን ኣይተቛርጽን።” (ት. ኤር. 17፡5-10)። ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ኪገዝኦ ከሎ ጥራሕ እዩ ልቢ ሰብ ናይ ህይወት ምንጪ ኪኸውን ዝኽእል።

## 4. ኣብ ኩሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፡ ንሱ ኸኣ ኣካይዳኻ ከቕንዕ እዩ (3፡ 6)

ትውክልትና ኣብ ኣግዚኣብሔር ጌርና ክንነብር እንከሎና፡ ካብ ኣምላኽ ዚሕባእ ነገር ኣይህልወናን እዩ። እቲ ብስጋ ምንባርና፡ ከም ሰባት ተማሂርና ኣብ ቁምነገር ምብጻሕና፡ ብጉልበትና ብሰላም ሰሪሕና ሓዳርና ክንኣሊ ምኽኣልና …ንእግዚኣብሔርን ንቤት ኣምላኽን ብዝተፈላለየ መገዲ ከነገልግል ምውፋይና ኩሉ፡ እግዚኣብሔር ኢዱ እንተንቢሩሉ ጥራይ ኣብ ፍረ ከምዝበፅሕ ስለንግንዘብ ኣብ ኩሉ ነገርና ንኣምላኽ ኢና ነቀድም። ከምዚ ክንገብር እንከሎና ንኣምላኽ ዘሎና ፍቕርን ተኣዛዝነትን ድማ ነርእይ ኣሎና። እዚ ግን ብቐሊሉ ዝርከብ ኣይኮነን። ኣእምሮ ሰብ ክልተ ዘይሳነዩ ባህርያት ብዘይምቁራጽ ኲናት ዘካይድሉ ዓውዲ እዩ። “ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዚምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ከይትገብሩ፡ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም።” (ገላ. 5፡16-26)። እቲ ዝሓየለ ስጋ ወይስ መንፈስ ድማ ብሓይሊ ድልየቱ ይፍጽም። ሰብ ድማ ንዝሓስቦ እዩ ዚመስል፡ እቲ ኣብ ኣእምሮኡ ዝሓስቦን ዚሕልኖን ድማ እዩ ብግብሪ ዝፍጽሞ። እንተኾነ ኣእምሮና ንኹቡር ሓሳብ ወይ ንሑሱር ሓሳብ ኣሕሊፍና ክንህብ፡ እቲ ፍቃድ ግን ኣብ ነፍሲ ወከፍና እዩ ዘሎ። ቃል እግዚኣብሔር ከምዚ እናበለ ይምዕደና፡- “ክቡር ሰብ ግና ክቡር ሓሳብ ይሓስብ፡ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ ይጸንዕ።” ት. ኢሳ. 32፡8)።

ኣብዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ እዋን ንሕና ናብቲ ኣካይዳና ዜቕንዕ ኣምላኽ ኪንጽጋዕ እንተመሪጽና፡ መንፈስና ሓይሊ ይረክብ ስለዘሎ፡ እቲ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ግብሪ (ፍቕሪ፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ይኣኽለኒ ምባል …) እምበር ግብሪ ስጋ (ምንዝር፡ ርኽሰት፡ ዕብዳን፡ ጽልኢ….) ኣይስዕረናን እዩ። ብገዛእ ርእስና ምንም ኪንገብር ከምዘይንኽእል ብምግንዛብ፡ ነብዪ ኤርምያስ ዝጸለዮ ጸሎት፡ ጸሎትና ይኹውን “ጎይታየ፡ ምገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ከምዘይኮነ፡ እቲ ዚመላለስውን ስጓሜኡ ኬቕንዕ ዕቕሚ ከም ዜብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ።” (ት. ኤር. 10፡23)። እቲ ዝተማዕቆብናዮ ኣምላኽ ድማ ዓወት ይህበና። ንኣምላኽ ኣሚኑን ስዒቡን ዝተጎድአ ሰብ፡ ኪበጽሖ ካብ ዘሎዎ ደረጃ ዝተኾልፈ ሰብ፡ መን ኣሎ? ብኣንጻሩ ንኣምላኽ ግዜን ቦታን ዝኸልኦ፡ ከርክበሉ እየ እንዳበለ፡ ኣብ ኩሉ ኸይበጽሖ፡ ትምኒቱ ከይፈጸመ፡ ሞት ዘርከበቶ ግና ማእለያ የብሉን። ከምቲ ብዘይ ኢንሹራንስ (ናይ ህይወት ይኹን ናይ ማኪናን ንብረትን) ክንንቀሳቀስ ዘይንሓስቦ፡ ኣብ ኣምላኽውን ብነጻ ኢንሹራንስ ዓዲግና፡ ውሑስ ህይወት ክንነብር ካብ ልቢ ክንውስን ይግብኣና።

## 5. ባዕለይ ይፈልጥ ኣይትበል፡ ንእግዚኣብሔር ፍራህ፡ ካብ ክፉእ ከኣ ርሓቕ (3፡ 7)

ባዕለይ ይፈልጥ ኣይትበል፡ ንእግዚኣብሔር ፍራህ፡ ካብ ክፉእ ርሓቕ፡ ሰለስተ ነንሕድሕዱ ዝተኣሳሰር ነገራት እዩ። ቀዳማይ ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ገነት ኪነብሩ እንከሎዉ፡ ጽቡቕ እምበር ሕማቅ ኣይፈልጡን እዮም ኔሮም፡ እታ ከይበልዕዋ ዝተኣዘዝዋ ኦም ድማ ጽቡቕን ክፉእን እትፈልጥ ኦም እያ ነይራ። ትእዛዝ ኣምላኽ ምስሰዓሩ ግን፡ ሓጢኣት እንዳበዝሐ እምበር እንዳወሓደ ኣይከደን፡ ምኽንያቱ እቲ ሕማቕ ምስ ፈለጡ ኣብ ሞንጎ ጽቡቕን ሕማቕን ዘሎ ሚዛን ኪሕልዉ ኣይከኣሉን፡ ናብቲ ክፉእ ዘምበሉ። እዚ ኣብ ኩላትና ዘሎ ባህርይ ስለዝኾነ ንምርዳኡ ዘጸግም ኣይኮነን። ካብ ኣቦና ኣዳም፡ ናብ ቃየል፡ ብድሕረኡ ዘሎ ወለዶ ኩሉ ክሳብ ዘመነ ኖህ፡ ኣምላኽ ሰብ ብምፍጣሩ ክሳብ ዝጠዓስ፡ ነታ ቀዳመይቲ ዓለም ክሳብ ብማይ ኣይሂ ዘጥፈኣ ሓጢኣት በዝሐ። እምበኣር ናይ ሰብ ፍልጠት ሽሕ ግዜ ይዕበ፡ ንኣእምሮን ልብን ሰባት ኣምላኽ እንተዘይገዚእዎ፡ ኣብ መወዳእታ ብዓቢ ዕሽነት እዩ ዝዛዘም። ካልኣይ ወዲ ሰብ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ፍልጠትን፡ ብፍላይ ኣብዚ ዘሎናዮ ምዕቡል ሃገር፡

## ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፥ ኣሜን።

ኣዝዩ ዘገርም እኳ እንተኾነ ፍልጠት እንዳውሰኽካ ክትከይድ ከሎኻ ግን ብኣንጻሩ ሓደ ነገር ኢኻ ትግንዘብ። ካብቲ ወዲ ሰብ ተመራሚሩ ዝበጽሖ እቲ ዘይፈልጦን ዘይበጽሖን ከምዝበዝሕ ተስተውዕል። ገሊኡውን ምሉእ ብምሉእ ኪርድኦ ስለዘይከኣለ ግምት ብምውሳድ እዩ ዝሓልፎ። ኣምላኽ ኪፈጥረና ከሎ ክንፈልጦን ክንበጽሖን እንኽእል መጠንን ዓቀንን ጌሩልና እዩ። ስለዚ ሸሕ ግዜ እንተፈለጥና ልዕሊ እቲ ዝፈጠረና ኣምላኽ ክንፈልጥ እይንኽእልን ኢና። እዛ ግሩም ስራሕ እትሰርሕ ኮምፒተር ልዕሊቲ ንዓኣ ዝሰርሖ ሰብ ኪትከውን ኣይትኽእልን እያ። መን ኣሎ ናይ ጽባሕ ነገር ኣርጊጹ ዝፈልጥ? ሳልሳይ ምኽንያት፡ ባዕለይ ይፈልጥ ትብል እንተ ኼንካ እቲ ሕቡእ ዘይሕብኡ፡ ስዉር ዘይስወሮ፡ ኣብ ማዓሙቕ ልቢ ዘሎ መርሚሩ ዝፈልጥ ኣምላኽ ኣየድልየንን እዩ ምባልካ እዩ። እዚኣ ድማ ናብታ ኣብዛ ዓለም ዝኸፍኣት ሓጢኣት፡ ኣነ ኣምላኽ ናይ ነብሰይ እየ ኣምላኽ ኣየድልየንን እዩ ምባል እያ ትመርሓካ። ሎሚውን እንተ ብቐጥታ እንተስ ብተዘዋዋሪ ከምኡ ዝብሉ ሰባት ብዙሓት እዮም። ኣብ ህዝብና ብጥምቀትን መንፈስ ቅዱስን ውሉድ ሥላሴን ውሉድ ቤተክርስትያን ዝኾኑ ሰባት ናብ ክልተ ሚልዮን ይጽግዑ ይኾኑ። ክንደይ ካብኡ እዩ ንእምነቱ ብግብሪ ዝስዕቦ? እንተኢልና ግን ኩላትና ንፈልጦ ኢና። እዚ ኣብ ታሪኽ፡ ደቂ ሰባት ብተደጋጋሚ ዝፍጸም ከኣ እዩ እምበር ሓድሽ ኣይኮነን። ኣቦና ኢዮብ ብዛዕባ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ይብል "...ንኣምላኽ፡ መገድኻ ኽንፈልጥ ኣይንደልን ኢና እሞ፡ ካባና ኣግልስ፡ እቲ ኹሉ ዝኽእል እነገልግሎኸ መን እዩ? ናብኡ እንተ ተማህለልናስ እንታይ ኪጠቅመና እዩ ? ይብሉ።" (ኢዮብ 21፥14015) ብምባል ገሊጽዎም ኣሎ። ሓ. ጳውሎስ ድማ ንሰብ ቆረንጦስ ከምዚ ብምባል ይምህሮም "ኣሕዋተየ፡ ኣብቲ ጽውዓኹም እማ ተመልከቱ ብዙሓት ብስጋ ለባማት፡ ብዙሓት ስልጡናት፡ ብዙሓት ጭዋታት ኣይተጸውዑን። ኣምላኽ ግና፡ ነቶም ጠቢባን ምእንቲ ኬሕፍርሲ፡ ንዕሽነት እዛ ዓለም እዚኣ ሓረየ፡ ነቶም ብርቱዓት ምእንቲ ኬሕፍር ከኣ፡ ኣምላኽ ነቲ ድኻም እዛ ዓለም እዚኣ ሓረየ። ስጋ ዘበለ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምእንቲ ኸይምካሕውን፡ ኣምላኽ ነቲ፡ ኣነ ገለ እየ፡ ዚብል ከንቱ ምእንቲ ኺገብር፡ ነቲ ብዓለም ሕሱርን ንዑቅን ገለ ዘይኮነን ሓረየ።" (1 ቆረ. 1፥26-29)። እምበኣር ካባኻ ንላዕሊ ፈላጥ፡ ሓያል፡ ስልጡን፡ ዝደለዮ ኪገብር ዝኽእል ኣምላኽ ከም ዘሎ እንተፈሊጥካ ጥራሕ ኢኻ ንዕኡ ክትስዕብ፡ ክትፈርሖን ክትእዘዞን እትኽእል። እግዚኣብሔር ድማ ንሱ እዩ ዝፈቱ። "ጥበበኛ ብጥበቡ እይትሓበን፡ ሓያል ከኣ ብሓይሉ ኣይተሓበን፡ ሃብታምውን ብሃብቱ ኣይተሓበን፡ ይብል እግዚኣብሔር። ዚሕበንሲ እዚ እዩ ባህ ዜብለኒ እሞ፡ ኣነ ኣብ ምድሪ ምሕረትን ፍርድን ጽድቅን ዝገብር እግዚኣብሔር ምዃነይ ብምስትውዓሉን ብምፍላጡን ድኣ ይተሓበን፡ ይብል እግዚኣብሔር።" (ት. ኤር. 9፥23-24)።

ንእግዚኣብሔር ምፍራህ እቲ ዝዓበየን ዝበለጽን ጥበብ እዩ። ንጉስ ሰሎሞን ይብል "መጀመርታ ጥበብ ንእግዚኣብሔር ምፍራህ እዩ፡ ነቲ ቅዱስ ምፍላጥ ከኣ ምስትውዓል እዩ።" (ምሳ. 9፥10)። ኣቦታትና ፍርሓት እግዚኣብሔር ወይ ሃይማኖት ዘይብሉ ሰብ ልጓም ከምዘይብሉ ፈረስ እዩ ይብሉ። ፍርሃት እግዚኣብሔር ዘይብሉ ሰብ ካብ ኣንስሳ በረኻ ዚፈልዮ ነገር ዳርጋ የሎን። ንጉስ ሰሎሞን ድማ ይብል "...እዚ ናይ ሰብ ኩሉንተና እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ፍርሃዮ፡ ንትእዛዛቱውን ሓልዎ።" (መክብብ 12፥13)። ንኣምላኽ ዘይንፈርሆ እንተኾይንና ከነኽብሮ ኣይንኽእልን ኢና፡ ብምሉእ ልብና ነፍቕሮ ኣሎና ኪንብልውን ኣይንኽእልን። ከምኡ ብልምዲ እምበር ምስትውዓል ዘይብሉ ናይ እግሪ ምምልላስ እምበር ልባዊ ዘይኮነ እምነት ምስ ረኣየ፡ እግዚኣብሔር ሓደ እዋን ንእስራኤላውያን ከምዚ ብምባል ወቒስዎም፡- "...ውሉድ ንወላዲኡ፡ ባርያ ኸኣ ንጎይታኡ የኽብር። እምበኣርሲ ኣቦ እንተ ድኣ ኾይነ፡ ክብረተይ ኣበይ ኣሎ? ጎይታ እንተኾይነስ፡ ምፍርሄይ ኣበይ ኣሎ?" (ት. ሚልክ. 1፥6)። ሎሚኸ እግዚኣብሔር ንእምነትና ፈቲሹ፡ ንኹሉ ግብርታትና እንተዝመዝኖ፡ ንኹሉ ጉዕዞ ህይወትና እንተዝምርምሮ እንታይ ኮን ምበለና? "ብምሕረትን ብሓቅን ስሬት ኣበሳ ይርከብ፡ ሰብውን ብፍርሃት እግዚኣብሔር ካብ እከይ ይርሕቕ።" (ምሳሌ 16፥6)። ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። እምበኣር ንኣምላኽ ብምሉእ ልብና እንዳተኣዘዝና ክንስዕቦ፡ ካብቶም ጽውዓት ጥራሕ ኮይንና ናይ ስም ክርስትና ክንሕዝ ዘይኮነስ፡ ካብቶም ሕሩያት ንኣምላኽ ዘስምሩ፡ ብርሃንን መቐረትን ሕብረተሰብና ኮይንና፡ ሳላሳ፡ ሱሳን ሚእትን መንፈሳዊ ፍረ ዘፍርዩ ኪንከውን፡ እግዚኣብሔር ይደግፈና። ኣሜን።

ን/ክ/ስነ-ጽሑፍ፡ ኣብ ክ/ትምህርቲን ሰብከትን፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት ኣመሪካን ካናዳን
መስፍን ሰላም እግዚኣብሔር ንሃገርናን ቤተ ክርስትያንናን ይባርኽ! ኣሜን!